# ውድቀት ሃገር ዓይኒኻ እናረአየ ዘይምእማን መድሓኒት ዘይብሉ ሕማም'ዩ።

ብውሽጣዊ ሕማም እናተሳቐኻን ብማዳ ዝተደወነ ገጽካ እናሓበረን ኣብ ክንዲ ናብ ሕክምና ምኻድ፡ ሕማምካ ካብ ሰብ ንምሕባእ ኣነ ደሓን'የ ዝኾነ ይኹን ናይ ጥዕና ጸገም የብለይን፣ ክንዲ ሎሚ ከማን ጽቡቕ ተሰሚዑኒ ኣይፈልጥን እናበልካ፡ እቲ ብኣጋ ተፈዊሱ ክድሕን ዝግበኦ ዝነበረ ሕማም ካብ ቁጽጽር ወጺኢ ኮይኑ ሞት ክሳብ ዝወስደካ ምጽባይ፡ ካብ ባዕልኻ ንባዕልኻ ምቕታል ማለት ነብሰ ቕትለት ዘይንእስ ናይ ኣተሓሳስባ ድኽነት ከምዝኾነ ሰብ ሞያ ጥዕና ይመኽሩ። ብተግባር ከኣ ዝበዝሕ ካብ ህዝብና ነባሪ ገጠር ሓሚሙ ኣብ እዋኑ ናብ ዘመናዊ ሕክምና ከይዱ ኣብ ክንዲ ዝፍወስ፡ እቲ ገለ ሕማሙ ተጻዊሩ ቀዳምነት ግዜኡ ንስራሕ ብምሃብ፡ እቲ ገለ ድማ ከም'ቲ ሰብ ሞያ ሕክምና ዝብልዎ ካብ ዘይንቕሓት ካብ ድሕረት ሕማሙ ካልእ ሰብ ከይፈልጠሉ ሓቢኡ ዝነብር'ዩ።

እዚ ከም'ቲ ለባማት "ሓባኢ ቁስሉ ሓባኢ ፈውሱ" ክብሉ ዝመሰልዎ ምኻኑ'ዩ። ክሕባእ ዘለዎን ዘይብሉን ካብ ዘይምፍላጥ፡ ንኹሉ ክትሓብእ ዘይንስኻ ክትመስል ክትብል፡ ውሽጣዊ ጉድካ ባዕሉ ደፊኡ ግዳም ክሳብ ዝወጽእ ወይ ክሳብ ትመውት ህይወትካ ምፍራድ ዝበጽሕ እግዝኣብሄር ይምሓርካ ዘይበሃሎ ሕማም ድሕረት'ዩ።

እዚ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ሓሚምካ ክንስኻ ሕማምካ ምሕባእ፡ ገለ ነዋታዊ ጸገም ኣጋጢሙካ ወይ ድኽነት ሃሰዩካ፡ ዝብላዕ ዝስተ ስኢንካ ውዒልካ ንምሕዳር ተሸጊርካ እናሃለኻ፡ "ከብድኻ ሓምሊ ምልኣዮ ዝባንካ ወደቦ ይርኣዮ" ብዝብል ድሑር ብሂል ተኣሲርካ ጥዑይን ቅሱንን ክትመስል ዝግበር ፈተነ፡ መልክዑ ደኣ ይፍለ 'ምበር ከም ኒሕሲ፡ ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ጉዳያት'ውን ክሰርሕ ይረአ'ዩ። ሰብ ኮይኑ ካብ ሕማም ነጻ ኮይኑ ዝነብር የለን። ዝበዝሕ ሕማማት ብስንፍና ዘይኮነ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ብዝኾኑ ብዓይኒ ዝረኣዩን ዘይረኣዩን ታህዋስያን ዝመጽእ'ዩ።

ድኽነት ድማ ጠንቁ ዝተፈላለየ፡ ዘየነይት ግን ከኣ፡ ግዳም ከይወጽእ ክሕባእ ዘለዎ ዘሕፍር ጉዳይ ኣይኮነን። ድኽነት ፈቲኻን ምርጫኻ ኮይኑን ዘይኮነ፡ እንተ ብሕጽረት ፍልጠት፡ ስእነት ጉልበት፡ ወይ ካልእ መበገሲ ዝኸውን ደገፍ ካብ ዘይምርካብ 'ምበር ብፍጹም ስንፍና ወይ መርገም ዝመጽእ ኣይኮነን። ብጉድለት ፖለቲካዊ ንቕሓትን ዘይብቕዓት ደሞክራስያዊ ምሕደራን ዝኸሰት ሃገራዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው'ውን ከምኡ፡ ክሕባእ ዘለዎ ሕማም ዘይኮነ ብቕሉዕ ክውፈረሉ ክንስጎሰሉ፡ ምሉእ ህዝቢ ኣንቂሕካ ወዲብካ ክምከት ኢሉ'ውን ክሰዓር ዘለዎ ናይ ድሕረት ኣተሓሳስባ ብምኻኑ፡ እከለ ዝተበህለ ጸላኢየይ ደስ ከይብሎ ከይሕጎስ ኢልካ ሰላም ኣለኹ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ይመሓደር ኣለኹ እናበልካ ናይ ሓሶት ካባ ከዲንካ ክሳብ መሊእካ ትበታተን ትጽበዮ ዛዕባ ኣይኮነን።

ገለ በሃማት ኤርትራውያን ኣብ ሃገሮም ዘሎ ፖለቲካዊ ምሕደራ እንታይ ይመስል፡ ኣብ ገዛእ ርእሶም እንታይ በደላት ይፍጸም ብተግባር እናረኣዩን ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ኣብ ስቓይ እናነበሩን ሰላም ኣለና መን ከም ናትና ሰላም፣ መን ከም ምሕደራ ወዲ ኣፎም፣ መን ከም ሓድነትና፣ መን ከም ደሞክራስያዊ ኣካይዳና፣ መን ከም ሃገራዊ ልምዓትና ኢሎም ክከራኸሩ እንክትሰምዕ ትግረም። ሕሰቡ'ሞ ኤርትራን ህዝባን ብዘቤታዊ ጸላኢ ካብ ዝሕመሱ ርብዒ ዘመን ሓሊፉ። ናብ ሳላሳ ዓመት ንጽጋዕ ኣለና። ርብዒ ዘመን ዕድመ ሓደ ወለዶ'ዩ። ቆልዓ ተወሊዱ ዓቕመ ኣዳም በጺሑ፡ ተማሂሩ ስራሕ ሒዙ ርእሱ ዝኽእለሉ፡ ተመርዕዩ ውላድ ዝሓቑፈሉ ነዊሕ ዕድመ'ዩ። ኣብ ጸገም ስቓይ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዘቤታዊ ጸገም ኮይንካ ከተሕልፎ ዘለዎ ናይ ግዜ ርሕቀት ድማ ሕሰብዎ። ተገሪህካ እንተነይርካ ትነቕሓሉ፣ ዓሽኻ እንተነይርካ ትልብመሉ፣ ደቂስካ እንተደኣ ነይርካ ትበራበረሉ፣ ካብ ጌጋኻ ተኣሪምካ ጠንቂ ወጽዓኻን መፍትሒኡን ብግቡእ ተረዲእካ ንመሰልካ ትቃለሰሉን ውጽኢት ተመዝግበሉን ግዜ'ዩ።

ዝነበረካ እናሰኣንካ፡ ዝወለድካዮ ብኣስገዳድ ካብ ሕቑፍኻ ተወሲዱ ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከር ሳዋ ኣትዩ፡ ጸረ ባህልኻ ሃይማኖትካን ሃገራዊ ሓርበኝነትካን እናተመልመለ፡ ከም ጠለበጊዕ ዕዳጋ ወሪዱ እናተሸጠ፡ ከም ስጋ ጉዚ ብህይወት እንከሎ ሰብነቱ ተቖራሪጹ ንመናውሒ ዕድመ ሰብ ገንዘብ እናወዓለ፡ ኮታ ሰብኣዊ ክብርኻን ልኡላዊ መሬትካን ብርእዮ እናተደፍረ፡ ክቡር ክንስኻ ብሰንኪ ኣብ ሃገርካ ዘሎ ገዛኢ ጉጅለ ብዓይኒ ጥርጠራ እናተጠመትካን እናተነጸልካን ንኽስቶ ደስ መታን ከይብሎ ጽቡቕ ኣለኹ ኣለና ማለት ብርግጽ መድሓኒት ዘይርከቦ ሕማም 'ምበር ካልእ ክኸውን ኣይክእልን። ስለምንታይ'ሲ ሃገረ ኤርትራን ህዝባን ጽቡቕ ከምዘየለው ብእዝኒ ጽሮት፡ ብክለሰ-ሓሳባዊ ተንታን፡ ብዛንታ ዘይኮነ ብተግባር ዝረአን ንደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዘሰከሐን ዛዕባ ስለ ዝኾነ። ስለዚ ኣብ ክንዲ ጽቡቕ ኣለና ኢልካ ነብስኻ ምቕሻሽ፡ ሕማቕ ኣለና ሕማቕ ኣለኹ ኢልካ ዝባንካ ቀሊዕካ ምቅላስ እንኮን መተካእታ ኣልቦን ኣማራጽን'ዩ። ፖለቲካዊ ወጽዓ ምሕባእ ግን ንክብሪ ሰብን ሃገርን ዘነውር ባርነት ዝተቐበለ ድሑር ኣተሓሳስባ'ዩ።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ'24-10-2018